
# ቀዳማይ ረዲኤት መደብ ኣታኣላልያ ሕማም ምንፍርፋር

**ዘናውጽ ምንፍርፋር (Convulsive seizure) = ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ናይ መሓውርን ኣካላትን ምንቅጥቃጥ ምስ ዝተቐየረ መጠን ንቕሓት (ናይ ውናዊ ለውጢ)**

1. ናይቲ ምንፍርፋር ዘጋጠመሉ (ዝጀመረሉ) ጊዜ፤ ንውሓት ጊዜ ከምኡ እውን ባህርያት ኣስተብህል።
2. **ቀዳማይ ረድኤት ኣቕርብ**
   - ህድእ በል
   - ጉድኣት ከብጽሑ ዝኽእሉ ኣቕሑ ኣልግሶም፤ ኣጻብዕትኻ ይኹን ዝኾነ ኣቕሓ ናብቲ ናይ ቆልዓ ኣፍ ኣይተእቱ
   - ናይቲ ቆልዓ ምንቅስቓስ ንምዕጋት ኣይትፈትን።
   - እቲ ቆልዓ ኣብ ባይታ እንተድኣ ሃልዩ፤ ኣብ ትሕቲ ርእሱ ዝኾነ ልስሉስ ነገር ኣንብረሉ። ኣብ ክሳዱ ዘሎ ዝኾነ ነገር እውን ኣላሕልሓሉ።
   - እቲ ቆልዓ ደቂሱ/ግድም ኢሉ እንተልዩ፤ እቲ ምንፍርፋር ህድእ ምስ በለ፤ ናብ ጎኒ ኣዙር ኣብሎ (ንምሕዋይ ዝሕግዝ ኣቀማምጣ)፣ ከምኡ ዝኽእል እንተኾይኑ ፣ እስካዕ ዓርሱ ክኢሉ ኮፍ ዝብል ወይ ድማ እስካዕ ሓገዝ ዘርክብ ማለት እዩ።
   - ምስቲ ቆልዓ ጽናሕ፣ ንኣተናፍስኡን ሕብሩን ድማ ተዓዘቦ፤ እስካዕ ሓገዝ ዝመጽእ ወይ እቲ ቆልዓ እስካዕ ዛሃንኡ ዝምለስ
   - ናይ ውልቁ ገበና ከውለሉ (ብሕትውና ክትህቦ ፈትን)፤ ካልኦት ሰባት ካብ'ቲ ቦታ ይርሓቁ።



3. **ኣምቡላንስ ብቁጽሪ 000 ብህጹጽ ደውል።**
   - እቲ ቆልዓ ኣብ እዋን እቲ ምንፍርፋር ወይ ድሕሪኡ ናይ ምትንፋስ ጸገም እንተጋጢምዎ ወይ ድማ ናይ ገጹ/ከንፈሩ ሕብሩን ናብ ሰማያዊ እንተተቐይሩ
   - እቲ ቆልዓ ተጎዲኡ ወይ ድማ ሙቑሰልቲ ኣጋጢምዎ
   - እቲ ምንፍርፋር ኣብ ማይ እንሃለወ ዘጋጠመ እዩ

## 4. እቲ ዘናውጽ ምንፍርፋር ንልዕሊ.......እንተድኣ ቐጺሉ፤ ብሓኪም ዝእዘዝ ሚዳዞላም ሃቦ፡:

| | |
|---|---|
| መንገዲ፡ | ☐ ኣብ ሞንጎ ድ ☐ ዕጉርቲን (ቡካል) ብኣፍንጫ ዝኣቲ (ኢንትራነይዛል) |
| መጠን ሚዳዞላም | ..... ሚሊ ግራም (..... ጠብታ/ሚሊ ሊትር/ኣምፑል) |
| መምርሒታት፡ | |
| ኣምቡላንስ ጸውዕ | ☐ ቅድሚ/ኣብ እዋን ምውሳድ ሚዳዞላም<br>☐ ድሕሪ ምውሳድ ሚዳዞላም እቲ ምንፍርፋር ኣብ ውሽጢ .. ... ደቓይቕ ደው እንተዘይሉ፤ ካልኦት፡..............................። |
| ካልኣይ መጠን ሚዳዞላም | ☐ ኣይተኣዘዘን<br>☐ ..... ሚሊ ግራም ውሰድ (... ጠብታ/ኣምፑል) እቲ ምንፍርፋር ድሕሪ ምውሳድ እቲ ቀዳማይ ሚዳዞላም ኣብ ውሽጢ ........ ደቓይቕ ጠጠው እንተዘይሉ |
| ኣምቡላንስ ጸውዕ | ☐ ካልኣይ መጠን ሚዳዞላም ኣብ ዝወሃበሉ (ዝውሰደሉ) እዋን<br>☐ እቲ ምንፍርፋር ቐዳማይ ሚዳዞላም ምስተወስደ ን....... ደቓይቕ እንተድኣ ቐጺሉ |
| መምርሒታት፤ | |
| ዝለዓለ መጠን መድሓኒት ኣብ 24 ሰዓታት | |

**5 ሚሊ ግራም ኣብ 1 ሚሊ ሊትር** ሚዳዞላም ዝሓዙ ካብ ላስቲክ ዝተሰርሑ መትሓዚ መድሓኒት (ኣምፑላት) ተመረጽቲ እዮም ( 1 ሚሊ ሊትር ምስ 20 ጠብታ ማዕረ እዩ)። *ናይ ሚዳዞላም ኣምፑላት 'for slow IV or IM injection', ንቀስ ዝበለ ብደም ሱር ወይ ብጭዋዳ ዝውጋእ ዝብል ተጻሒፍዎም ይርከቡ። ኮይኑ ግና፡ ብውሽጢ ማዕጉርቲ ወይ ድማ ብውሽጢ ኣፍንጫ ኣቢሉ ክወሃብ ይኽእል እዩ፡)፡*

**ብውሽጢ ማዕጉርቲ ዝወሃብ ሚዳዞላም (Buccal midazolam)፡** እዚ ካብ'ቲ ኣምፑል ብቐጥታ ጠብታ ብምጽሚቕ ናብቲ ኣብ ውሽጢ ማዕጉርቲ ዘሎ ጋግ (ኣብ ሞንጎ ድድን ማዕጉርቲን) ክወሃብ ይከኣል።

**ብኣፍንጫ ኣቢሉ ዝወሃብ ሚዳዞላም (Intranasal midazolam):** እዚ ብትእዛዝ ናይቲ ህጻን ነርስ፤ ሓኪም ወይ ድማ ቤት መሸጣ መድሃኒት ብመንጸጊ መሳርሒ (ኣቶማይዘር) ኣቢልካ ዝውሰድ እዩ።

**ናይቲ ሕሙም ሽም፡**

**ዕለት ልደት፡**

| |
|---|
| ናይቲ ዶክተር ክታም፡ |
| ሽም ይተሓተም፤ |
| ዕለት፡ |

Government of **Western Australia**
**Child and Adolescent Health Service**

**ናይ ቆልዑን ብጹሓትን ግልጋሎት ጥዕና**
**(Child and Adolescent Health Service)**
15 ጎደና ሆስፒታል፤ ኔድላንድስ፤ ም ዕራብ ሆስፒታል፤ 6009
ቴሌፎን፡ (08) 6456 4327
ዘዳለዎ፡ ክፍሊ ኒውሮሎጂ

መወከሲ፤ 1096.8 © CAHS 2023

Consumer Approved

**መተሓሳሰቢ:** እዚ ህትመት እዚ ንሓፈሻዊ ኣስተምህሮን ሓበሬታን ጥራሕ ዝውዕል እዩ።
ሕክምናዊ ማዕዳ እንተደሊኻ፤ ብቁዕ ንዝኾነ ናይ ጥዕና ክኢላ ርኸብ።

@ ግዝኣት/ክልል ዌስተርን ኣውስትራሊያ
ናይ ቆልዑን ብጹሓትን ግልጋሎት ጥዕና (**Child and Adolescent Health Service**)

**እዚ ሰነድ ንኣካል ጉዱኣት ዘለዎም ሰባት ኣብ ዝድለየሉ ብዝተፈላለዩ ኣማረጽቲ መልክዓት (ዓይነታት) ክቀርብ ይኽእል እዩ።**